# “ቆልዓ፡ ኣይጥመ፡ ኣይጽማእ፡ ኣይዕረቕ ከኣ እምበር . . .!”

“ንስኻትኩም እኳ ኣይርድኣኩምን እዩ! ንመን ክብል ድየ ለይትን መዓልትን ዝሰርሕ ዘሎኹ? ወይስ እቲ ምሳኹም ምዕላል፡ ምስሓቕ፡ ምጽዋት ጠፊኡኒ ወይ ዘይደልዮዶ መሲልኩም’ዩ?”



ከምዚ ዚብል ኣበሃህላስ፡ ሰሚዕናዮዶ ንፈልጥ? ምናልባሽ፡ ወይ ባዕልና ዚበልናዮ ብቐጻሊ’ውን እንብሎ፡ ወይ ካልኦት ኪብሉዎ ዚሰማዕናዮ፡ ወይ ዘንበብናዮ ኪኸውን ይኽእል። ዘይተባህለ ወይ ድማ ዘይብሃል ግና ኣይኰነን።

እንተ ኾነ እውን፡ መብዛሕትኡ እዋን፡ እቲ ኸምኡ ዚብል ወይ ዚበለ ወላዲ፡ ሓላፍነት ቤቱ ጸይሩ፡ በቲ ዚፈልጦን ዚኽእሎን፡ እቲ ዚከኣሎ ኹሉ ነሲሑ እናገበረ ኽነሱስ፡ ከመይ እቶም ስድርኡ ምርዳእ ይኣብዮም ብዚብል ሕልና፡ መብዛሕትኡ እዋን ንርእሱ ዚሓቶ ወጥራዊ ሕቶ እዩ። እምበር፡ ኣብቶም፡ ንእኦም ኪብል ለይትን መዓልትን ዚሰርሕ ቤተ-ሰቡ ኼንጸርጽር ወይ ኪጸርፍ ኣይኰነን። ስለዚ ናይ ግድን ናይ ምንጽርጻር ኣመል ዘለዎ ወላዲ እዩ ማለት ኣይኰነን፣ ኪኸውን ኣይክእልን እዩ ማለት ድማ ኣይኰነን። ግና እዚ ኹሉ ገዛእ ርእሱ ዚኽኣለ ዓቢ ዘታዊ ጉዳይ እዩ።

ብዝኾነ፡ ንቆልዑ ብዚምልከት፡ ‘ደቅና ንኸነዕቢ ትምህርትን ምኽርን ኣየድልየናን እዩ . . . እቲ ዘድሊ መዓስ ጠፊኡና!’ ዚብል ኣተሓሳስባ ኣብ ገሊኡ ግሁድ ኣብ ገሊኡ ድማ ብኣፍ እኳ እንተ ዘይተባህለ፡ ሰላሕታዊ ወይ ህዱእ ስምዒት ናይ ብዙሓት ወለዲ ምኻኑ ናይ ሓያሎ ዓመታት መጽናዕቲ ዚድግፎ፡ ዘየካትዕ ሓቂ እዩ። እዚ ድማ ባህልን ልምድን ብዘየገድስ እዩ።

ብዝኾነ ሓያሎ ወለዲ ከምኡ ዓይነት ኣተሓሳስባ ከም ዘለዎም እውን ኣይፍለጦምን፣ ስለዚ ድማ ብዘይ ፍላጥ፡ ጸረ ናይ ብዙሕ ጠቓሚ ዝኾነ ትምህርትታትን ምኽርን ይኾኑ። ኣረ ንኻልኦት ወለዲ እውን መመኽሒ ይገብርዎም። ግና እቲ ኣብቶም ካልኦት ወለዲ ዚርእይዎ ጉድለታት፡ ኣብ ገዛእ ርእሶም ተመሊሶም ድማ ከምኡ እንተ ዘስተብህሉስ ንርእሶም ተረቢሖም ንኻልኦት’ውን ምረብሑ።

ብተወሳኺ፡ ንኣተዓባብያ ቘልዑ ዚምልከት ትምህርትን ምኽርን ወለዲ፡ ‘ብንሕና ንፈልጥ’ ዓይነት ርእዮም ስለ ዚነጽግዎ ኣይኰነን። መብዛሕትኦም፡ ኣብ ክንዲ ከም ትምህርቲ ከም ፈራዲ፡ ኣብ ክንዲ ከም ምኽሪ ከም ኣበር ገጽካ ዜርኢ መረጼን ገይሮም ስለ ዚርእይዎ እዩ፤ ስለዚ፡ ካብ ፍርሒ ዝተላዕለ እዩ ኪብሃል ይከኣል።

ይኹን እምበር፡ እንተ ወሓደ፡ ውሉድ ከይኰነ ወላዲ ዝኾነ ሓደ’ኳ የልቦን እሞ፡ እቲ ኣብ ምዕባይ ቆልዑ ዜድሊ፡ ዚብላዕ እንጌራን፡ ዚስተ ማይን፡ ዚኽደን ክዳንን፡

ዜጽልልሉን ዚማምቑሉን ቤት፡ ዚዘናጋዓሉ ድማ ተሌቪዥንን ካልእ እቕሑን ወዘተ፡ ጥራይ ምሃብ ከም ዘይኰነ ነፍሲ ወከፍና ዘይስሕቶ ሓቂ እዩ።

"ቆልዓ፡ ኣይጥመ፡ ኣይጽማእ፡ ኣይዕረቕ፡ እምበር ...": **ዚብሃል ኣተሓሳስባ ንቆልዓ ኣካላዊ ኣተዓባብያ ደኣ እምበር፡ ነቲ ኻልእ እኳ ድኣ ኣዝዩ ኣድላዪ ዝኾነ ነገራት ዚጥርንፍ ዘንቢል ኣይኰነን። እቲ ነተሓሳስብኡ ዚምልምል፡ ንጠባያቱ ድማ ዜመዓራሪ፡ ከምኡ'ውን ንባህርያቱ እናመልመለ ዚጸርብ፡ ነኻይድኡ ምስ ሕብረተ-ሰብ ዘሳልን ዘሳንን ዓይነት ኪኸውን ዚቖርጽ ኣተዓባብያ ኣይህቦን እዩ።**

"ቆልዓ፡ ኣይጥመ፡ ኣይጽማእ፡ ኣይዕረቕ፡ እምበር ...": **ዚብል ከም ኣካላዊ ሓልዮት መጠን ኣድላይነቱ መተካእታ'ውን የብሉን። እኳ ድኣ ቆልዓ እቲ ዜድሊ ስጋዊ ሓልዮት እንተ ድኣ ዘይረኺቡ፡ ኣእምራኣዊ ክእለቱ ይኹን ባህርያቱ ከምቲ ዚግብኦ፡ በቲ ዚግብኦ ኣገባብ ኪምዕብል ወይ ኪቕረጽ'ውን ኣሸጋሪ እዩ። ደሓር ከኣ ከብዱ ዘይጸገበ ቆልዓ ክምሃር እዩ ኢልካ ኽትጽበዮ'ውን ዘይከውን እዩ።**

**ይኹን እምበር፡ እቲ** "ቆልዓ፡ ኣይጥመ፡ ኣይጽማእ፡ ኣይዕረቕ፡ እምበር ...": **ዚብል ኣተሓሳስባ ጥራይ ምትግባሩ ትርጉም ናይ "ምስ መዕበይኻ ጥፋእ" እንታይ ምዃኑ ዜፍልጠ፣ ካብ ከምኡ ዜብል ባህርያትን ጠባያትን ልምድታትን ንኸይጽመድ ከኣ ዚድግፎ ኣይኰነን።**

**እምበኣር፡ ምዕባይ ቆልዓ ገንዘብ ዘይዕድጎ፡ ኣርኣያ ብምዃን፡ ምምልማል፡ ምኹስኳስ፡ ምጽልጻል፡ ምጽራብ፡ ወዘተ፡ ዚሓትት ዓቢ ሓላፍነት እዩ። ገንዘብ ሕድሪ ከም ምዃኖም መጠን፡ ከምቲ ዋንኦም ኰይኖም ኪዓብዩ ዚደልዮም፡** ፍልጠት፡ ምስትውዓል፡ ጥበብ **ኣብ ምዕባይ ቆልዑ ዓቢ ግደ ከም ዘለዎም እቲ ብዓል ሕድሪ ኺፈልጦ፡ ኣጽኒዑ ድማ ኺሕዞ ናይ ግዲ እዩ። እቲ ንፍርሃት እግዚኣብሄር መሰረት ናይ እዞም ሰለስተ እዚኣቶም ዚገብር ወላዲ ድማ ኽይተዓወተ ከቶ ኣይተርፍን።**

**ቆልዑ ባህርያቶምን ኣተዓባብዮምን ንምርዳእ ዳርጋ ምሉእ ዕድሚኦም ወፍዮም መጽናዕትታት ዘካየዱ ሓያላ ሊቃውንቲ ዚልግስዎ ትምህርትታትን ምኽርታትን፡ ማእለያ ዘይብሉ፡ ብሓቂ ብዙሕ ኣሎ። ከም ጠቕሚነቱን ኣድላይነቱን ምቕሳሙን ምትግባሩን ከኣ ዓቢ ረብሓ ኣለዎ። ኣይንረስዕ፡ እቲ ኹዒቱ ዘይክእል፡ ካብ ዝተኻዕተ ዒላ ክሰቲ እናኸኣለ፡ ኒሕ ሒዝዎ ዘይሰቲ፡ እቲ ብጽምኢ ቃዕ ዚብል ንሱ እዩ።**

**እቲ ከምቲ ናቱ ጥበብ ዝነበሮ ዘይነበረ፡ ሕጂ'ውን ዘየሎ፡ ድሕሪ ሕጂ'ውን ዘይህሉ፡ ንጉስ ሰሎሙን፡** "ንቖልዓ እታ ኪኸደላ ዚግብኣ መገዲ ኣላምዶ፡ ... " (ምሳ 22፡6)፡ **ኢሉ። ነዚኣ መሰረት ብምግባር፡ ኣብቲ ዚቕጽል ሕታም ንውሉድን ወላድን ብዚምልከት ካብ ጽዑቕ መጽናዕትታን ምምርማርን ዚመንጨዉ፡ ኣብ ዝተፈላለዩ ተሞክሮታትን ትምህርትታን ምኽርን ቍሊሕ ኽንብል ኢና።**

**እዚ ዓምዲ እዚ ንኪቕጽል፡ ካብ ኣንበብቲ ክንሰምዕ ንጽበ።**

Besserat Evangelical Society
142 King Avenue
Columbus, OH 43201
Besserat@Besserat.Org